

ንኹቡር ሓሞይ ነፍሲሄር
ቀሺ ዘመንፈስ መሪጌታ ገብሩ
ዝገበርኩሎም መልቀስ
ጸጋዝኣብ ኪዳነ

# ኣቦይ ኣቦ ኹሉ

ወየ ወየ ወየ ወየ ኣቦይ ኣቦ ኹሉ
ናበይ ደኣ ትኸዱ
ዘይወግሓልና ቕሩብ ዘይተርፍዱ
ክምጽኹም ደልዮም ርሑቕ ዝተሰዱ
ኩላቶም ደቅኹም ፍቕርኹም ዝለመዱ
ክትሓቕፍዎም ኣብ ስደት ዝተወልዱ
ደቂ ደቅኹም በዓል ሕንጢት ዕንዱ
ኩሉ ሰብኩም ንዓኹም ከማዕዱ
ካንዶ ምውጋሕ ኣቡዩ እዋኑ ከቢዱ!!!!
ኣቦ ስጋን ነፍስን ሎሚ'ንድዮም ዝኸዱ
ዓይኒ እንዳስላሴ ሎሚ እንድዮም ዝኸዱ
ቀዳስን ወዳስን ሎሚ እንድዮም ዝኸዱ
ኣቦ ደቂ ኣውህነ ሎሚ እንድዮም ዝኸዱ
ዝተበሱ እናዓረቑ ንሕዙናት ዝእብዱ
በዓል ድርብ ኣኽሊል ክብለኩም ብቐንዱ
በቕሽትን ዓለምን ዝተናእዱ
ኣብ ስጋኡን ደሙን ዝተጸምዱ
ብሞቕጸርያ ኢዶም ዝመንጎዱ
ንመንገዶም ስንቂ ዘየውሓዱ
እቶም ስላሴ ዕድመ ካብ ፈቐዱ
ጽብቕ ኣማውታ ኣብ ሕራይ ደኣ ኸዱ
ምስ ክርስቶስ ብየማናይ ኢዱ
መልኣኽ የሰንኹም ካብ ሰማይ ወሪዱ።

ኣቦየ ኣቦየ ምበልኩኹም ደኣ
ወዲ መሪጌታ ገብሩ ምበልኩኹም ደኣ ወዲ
ከንቲባ ተስፋማርያም ምበልኩኹም ደኣ
ኣቦ ስዉእ መዝገብ ኣቦ ሽደን ኣርሓ
ኣቦ ስዉእ ሓይለኣብ ኣቦ ሽደን ኣርሓ
ኣቦ ጸጋ እንዲኹም ዘይውዳእ ኒሓ
ኣቦ ዓረት ብረት ኢኹም ብገፍሓ
ወዲ ማይ ብላላ እንዲኹም ዘይነጽፍ ሩባኣ
ተኸዳኒ ቅጭን ሰፊሕ እንግድዓ።
ብሩኽ ኔርኩም ዘይትፈትዉ ጎድኣ
በላዒ ናቶም ዘይገበሩ ወጽዓ
ትሕርምትኹም ጽኑዕ ጾም ኣርበዓ
ስርናይ ዝመባእኩም ስርናይ ዶጉዓ
የማንኩም መጽዋቲት ራሕ መሊኣ
ቁርባን ዝቐለብኩም ምስ ጽውዓ
ጽድቕኹም ሲ ኔራ ተኾሊዓ
ጸለትኩም'ውን ሰሚራ በቒዓ
ጎይታ ሰማይ ዘይጠልም መብጽዓ
ኣብ ዕለት ፋሲኻ ካብ በለኩም ነዓ
ልማድኩም እንድዩ ኣቤት ምባል ሽዓ
እንካብ ኮነ ደሓን ኩኑ ደኣ
ማርያም ትቀበልኩም ብሽምኩም ጸዊዓ
ምኪኤል የሰንኹም ብማዕረኣ።